ማእኸል ምርምር ሕርሻ መቐለ ናይ ስፔር ፓርት ን2012ዓ/ም ብፕሮጀክት በጀት ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ::

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ቀዳም መስከረም 10, 2012 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: መስከረም 30, 2012 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:6000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: መስከረም 30, 2012 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: መለዋወጢ ኣቁሑት ተሸከርካርቲ/

በዚ መሰረት ተወዳደርቲ ክተማልእዎ ዝግባእ ረቋሒ

1 ሕጋዊ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎ፣ ናይዚ ዘበን ግብሪ መንግስቲ ዝኸፈሉ፣ ንግዲ ፍቓዶም ዘሐደሱ፣ ቲን ቁፅሪ ዘለዎም፣ ቫት ዝተመዝገቡ ምካኖም መረዳእታ ዘቕርቡን ናይ ወርሒ ሓምለ 2011 ዓ/ም ናይተወሳኺ እሴት ታክስ(VAT) ዲክለር ዝተገበሮ መረዳእታ ኣብ ጨረታ ሰነድ ክተሓሓዝ አለዎ::

2 ናይ ጨረታ መኽበሪ ቢድ ቦንድ ብሸም ማእኸል ምርምር ሕርሻ መቐለ ዝተሰርሐ ናይ ስፔር ፓርት 6000 ብር ስፒኦ ክትሕዙ ዝኽእሉ ኦርጅናልን ኮፒን ናይ ጨረታ ዶክመንት ብሸምዒ ብዝተኣሸገ ፖስታ ከቕርቡ ዝኽእሉ::

3 ተጫራታይ ናይ ጨረታ ዶክመንት ካብ ዕለት 08/01/2012ዓ/ም ጀሚሩ አብ ማእኸል ምርምር ሕርሻ መቐለ ቢሮ ቁፅሪ 13 ብምምፃእ ዘይምለስ ብር 50.00 /ሓምሳ/ ነንሕድሕዱ ብምክፋል ዝተዳለወ ናይ ጨረታ ዶክመንት ክሳብ ዕለት 30/01/2012 ዓ/ም ዘሎ ነዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ጨረታ ሳንዱቕ ምእታዉ ይኽኣል::

4 ኣብ ዝቕረበ ናይ ጨረታ ዶክመንት ኣብ ሕድሕድ ሰነድ ፊርማን ማህተምን ናይቲ ትካል ክህልዎ አለዎ::

5 እቲ ጨረታ ዕለት 30/01/2012 ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ አብቲ ዕለት ሰዓት 8:30 ተጫረቲ ባዕሎም ወይም ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኸበሉ ይኽፈት::

6 ጨረታ ሰዓራይ ምስተፈለጠ ዉዕሊ መኽበሪ 10% ብምትሓዝ ካብ ዘአተወሉ ዉዕሊ እዋን ጀሚሩ ንብረት ኣታዊ ይገብር::

7 እቲ ቢሮ ካብቲ ዝተዘርዘረ መጠን ንብረት ክሳብ 25% ምውሳኽን ናይ ምቕናስን መሰል አለዎ::

8 ተጫራታይ ግልፂ ኣብ ዘይኾነሎም ነጥብታት መብርሂ ወይ መመሓየሺ ሕቶ ከቕርቡ ዝክእሉ ጨረታ ዝኽፈተሉ እዋን ቅድሚ ምብፅሑ ይኸዉን::

9 እቲ ቢሮ ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ነቲ ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ::

ንተወሳኪ ሓበሬታ 03 44 40 80 29

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle